# ዕውት ምንቅስቃስ ማልትሰኣ ኣብ ፍሎሪዳ ተመዝጊቡ

**( ማልትሰኣ ጨንፈር ፍሎሪዳ ተመስሪቱ )**

**News Release**

**TDA/NA, Washington, DC**

Jacksonville, FL, December 10, 2009: ኣብ ከተማ Jacksonville, FL ዝርከቡ ተጋሩ ኣብ ዘከየድዎ ኣኼባ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ሰሜን ኣሜሪከ (ማልትሰኣ) ጨንፈር ፍሎሪዳ ብዕሊ መስሪቶም:: ማልት ዓለምለኸ ኣብ ፅሬት ትምህርቲ ምርግጋፅ እትገብሮ ዘላ ፃዕሪ ብምድጋፍ ነዚ ዘሳልጡ ሰጉምትታትውን ወሲዶም::

ኣብዚ ብዕለት December 5, 2009 ዝተኻየደ ታሪኻዊ መስራቲ ጉባኤ ማልትሰኣ ጨንፈር ፍሎሪዳ ብርክት ዝበሉ ደገፍቲ ልምዓት ህዝቢ ትግራይ ዝተሳተፉ እንትኾኑ ኣብቲ ዝተኻየደ ኣኼባ ብኣከል ዘይተረኸቡ ነበርቲ ጃክሰንቪልን ከልኦት ከባቢ ከተማታትን ድማ ስልኪ ብምድዋል ደገፎም ገሊፆም:: ኣባል ቦርድ ማልትሰኣ ኣይተ ሙሉጌታ በርሀ ኣብቲ ኣኼባ ተረኺቦም ብዛዕባ ልምዓት ሃገርና ብሓፈሻ ብዛዕባ ህዝቢ ትግራይ ኣንፃር ድኽነት ዘከይዶ ዘሎ ቃልሲ ድማ ብፍላይ ዘረባ ጌሮም:: ኣብዚ ሕዚ እዋን ማልት ዓለምለኸ ፅሬት ትምህርቲ ንምርግጋፅ ሒዛቶ ዘላ መደባት ንምዕዋት ናይ ኩሉ ትግራዋይን ፈታዊ ህዝቢ ትግራይን ደገፍን ፃዕሪን ዝሓትት ምከኑ ገሊፆም:: ኣብ ግዝኣት ፈሎሪዳ ዝርከብ ትግራዋይ ኣብ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ሰሜን ኣሜሪከ ተወዲቡ እጃሙ ንኸውፊውን ፃውዒት ኣቕሪቦም::

ኣኼበኛታት መስራቲ ጉባዓኤ ማልትሰኣ ጨንፈር ፍሎሪዳ ኣብ ክሊ ማልት እተከይዶ ዘላ ናይ ልምዓት ምንቅስቃሳትን ናይ ማልትሰኣ ግደ ኣብ ሰሜን ኣሜሪከ እነታይ ክኸውን ከምዘለዎ ብስፍሓት ድሕሪ ምዝርራብ ኣብ ጎኒ ህዝቢ ትግራይ ተሰሊፎም ግቦኦም ንምፍፃም ድልዋት ምከኖም ኣረጋጊፆም:: ጨንፈር ማልትሰኣ ብዕሊ ክቀውም ከምዘለዎ ብምስምምማፅ 11 ኣባላት ዘለውዎ ቦርድ መሪፆም:: ከብ ሞንጎ እቶም ኣባላት ቦርድ ድማ 3 ኣባላት ዘለውዎ ፈፃሚት ኣከል ቆይሙ::

ኣብ መወዳእታ ኣባላት ማልትሰኣ ጨንፈር ፍሎሪዳ ኣብ ዘከየድዎ ዘተ ናይ ሓደ ላዕላዋይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ (Science Laboratory) ናይ ሳይንስ ላቦራቶሪ ህንፃ ምስ ሙሉእ ናውቱ ኣስሪሖም ከረክቡ ቃል ኣትዮም:: ምስዚ ጎኒ ንጎኒ ኣብ ከባቢኦም ከልኦት ንፅሬት ትምህርቲ ዘሕግዙ ናውቲ ትምህርቲ ንምእላሽን ንምትእኽኻብን ዝለዓለ ፃዕሪ ከምዝገብሩውን ገሊፆም::